# ጸሎተ ኃሙስ

## ሓዋርያቲሁ ከበበ እግረ አርዳኢሁ ሓፀበ ኮኖሙ አበ ወእመ ወመሃሮም ጥበብ።

**ንባባት፡** 1ቆሮን 11: 22-30፥ 1ዮሓ 5፡5-10፥ ግ.ሓ. 26፡33-38፥ ዮሓ 13፡4-16
**ምስባክ፡** ትነዝሓኒ ብአዞም ወእነጽሕ፥ ትሓፅበኒ እምበር እጻዓዱ፥ ታስምዓኒ ትፍሥሕተ ወሓሤተ (መዝ. ፶) ።

ጸሎተ ኃሙስ ማእከል ናይ ሶሙን ሕማማት እሞ ንሓዲስ ርክብ ምስ ኢየሱስ መድሓኒና ዝተፈጸመላ ዕለት እያ። ካብ ኩለን ዕለታት ፍሉይ ዝገብራ ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ ንሓዋርያቱ ናይቲ ኩሉ ዘስተምሃሮምን ዝረአይዎን ነገራት ብሕጽር ዝበለ መንገዲ ገሊጽሎም ነቲ ኹሉ ዝገበሮ አብ መንግኦም ከም ብሓዲስ ክግበር መጋበርን ሥርዓትን ብርእሱ ንሱ አብ መንግኦም ዝነብረሉ መገዲን ሓቢርዎም። ቅዱስ ቍርባን ሰሪዕሎም፥ ክህነትን ምስጢረ ንስሓን ሰሪዕሎም፥ አገልግሎት አብ ነነድሕዶም መለክዒ እምነቶም ከምዝኾነ ነጊርዎም። ዮሓንስ ወንጌላዊ አነጺሩ ይነግረና። ኢየሱስ ንሓዋርያት ሕማማቱ ሞቱ ከም ዝቐረበ ከርድኦም ኢሉ ድራር ፋሲካ ከሰንድዉ ናብ ከተማ ኢየሩሳሌም ኩሉ ከሰናድዉ ለአኾም። ኢየሩሳሌም ኩሉ ዝተፍጸመላ ከተማ እያ ንኢየሩሳሌም ምኻድ አብ ሕይወት ኢየሱስ ፍሉይ ትርጉም አለዎ በዚ እዩ ወንጌላውያን ኩሉ ጊዜ ንኢየሩሳሌም ገጹ እና ኸደ ከምዚ ገበረ ዝብሉና። አብ ዕለት ኃሙስ ዝተፈጸመ ክንርዳእ ቅድሚኡ ኢየሱስ ዝበሎን ከምኡ ብሓፈሻ ዝነበረ ኩነታት ሓዋርያትን እዋንን ክንርኢ ነቲ ምስጢረ ሕማማትን ትንሣኤን ብዝያዳ ክንርዳይ ይሕግዘና። ኢየሱስ ንኹሉ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ንሓዋርያት ብዓል ፋሲካ አይሁድ ምስ ቀረባ ናብ ከተማ ብዓል ከብዕሉ እሞ አብኡ ኩሉ ምስጢር ተልእኮኡ ከም ዝፍጸም ነጊርዎም ነሩ።

ተልኮኡ አብ መፈጸምታ ከም ዝበጽሐ ክነግሮም ኢሉ ሓደ ካባኻትኩም አሕሊፉ ክህበኒ እዩ፥ በሎም ኩሎም ከአ ሰንበዱ። ኩሎም መን እዩ እናበሉ ተረበሹ። ኩሎም አነዲየ ጎይታይ እናበሉ አብ ርእሶም እምበር ንኻልእ ሰብ እከለድዩ አይበሉን፥አብዚ ነፍስወከፎም ክክሕዱ ተኽእሎ ከምዘሎ ክንርኢ ንኽእል። ከም ሓቂ እንተ ረአና አብቲ ጽንኩር እዋን ኩሎም ክሒዶሞ ካብኡ ሓዲጎሞ ሃዲሞም። ይሁዳ እውን አነ ዲየ እናበለ ሓቲቱ ኢየሱስ እቲ እትገብሮ ግበሮ እናበለ መሊስሉ። ካብ ጸላእቱ አይኮኑን አሕሊፎም ዝሃብዎ እንታይ ድአ ሓደ ካብቶም ምስኡ ዝነበሩ። ምስኡ አብ ሓደ መአዲ ኢዱ ዘንበረ ምልክተ ዕርክነትን ሓድነትን ዝተቐበለ፥ ይሁዳ ሓደ ካብቶም ተኸተልቱ አብ መአዲ እንከለዉ ቆሪሱ ምስ ሃቦ ቆሪቡ ወጸ እንተኾነ ሽዑ ሸይጣን አብ ልቡ ሓዲርዎ አሕሊፉ ክህቦ ከምዝኸደ እዚ ኸአ ብለይቲ ከም ዝኾነ ይነግረና። ቅዱስ የሓንስ ለይትን/መዓልትን፥ ብርሃንን/ጸልማትን ክብል እንከሎ ፍሉይ ርድኢት አልአ። ጸልማት ናይ ሰይጣን፥ ጸላኢ ዓመጽ ዝፍጽመሉ ጊዜ እዩ። ቅዱስ ጴጥሮስ ነዚ ዘሕዝን ነገር ምስ ሰምዐ እና መሓለ ካብኡ ከምዘይፍለ ወረ ሕይወቱ በጃ ከምዝህብ ተዛረበ እንተኾነ እዚ ዝበሎ ኩሉ አብ ሓቂ እምነት ዝተመስረት አይነበረን ንሱ እውን አብ ጽንኩር እዋን ሰለስተ ጊዜ ክሒዱ። ካብ ይሁዳ ዝፈልዮ ስለዝተጣዕሰን ዝተነስሐን እዩ። ናብ ርእስና ምልስ ኢልና እንተ ረአና ክንደይ ጊዜ ኮን ንአምላኽን ንሰባትን ዘይከሓድና። አብ መአዲ ቅዱስ ቍርባን ተሳቲፍና ክነብቅዕ ክንደይ ጊዜ ሕቖና ዘይሃብናዮ ከምኡ ንሰባት ዝባና ዘይሃብና። አብ መንበረ ኑዛዜ አቲና ካልአይ ጊዜ ከይንወድኞ ክንደይ ጊዜ ዘይወሰና እንተኾነ ነቲ ዝመሓልናዮ ደጊምና ንጥሕሶ። አብ ከቢድ እዋን

ንኹሉ ክንዕወት ጸጋ ኣምላኽ የድልየና። ብወገና ንጸጋ ኣምላኽ ክፉታት ክንከውን ክንነብዕ የድልየና።

ይሁዳ ኣሕሊፉ ሂብዎ ይብልና ወንጌል፥ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣሕሊፍካ ምሃብ ዝብል ሓሳብ ብተደጋሃሚ ንረኽቦ ንዮውሓንስ መጥምቕ ኣሕሊፎም ሂቦሞ፥ ንኢየሱስ ኣሕሊፎም ሂቦሞ፥ ተኸተሊ ክርስቶስ ኣብ ታሪኽ ንብዙሓት ነቲ ዘስተምህርዎ ከጥፍኡ ምስ ደለዩ ኣሕሊፎም ከምዘሃብዎም ነንብብ። ገለ እዋን ንሕና እውን ሰባት ኣሕሊፎም ክህቡና ይኽእሉ እዮም። እሞ ናታትና መልሲ እንታይ እዩ። ይሁዳ ንመምህሩ ብ30 ብሩር ሸጥዎ ማቴዎስ ጥራሕ ነዚ ይነግረና። ኣብ ትንቢት ዘካርያስ ነብይ 11፡11~13 ዋጋ ናይ ሓደ ጓሳ ዝተሰጐ ደሞዝ እዩ ይብል። ኣብ ዘጽኣት 21፡32 ዋጋ ናይ ሓደ ባርያ ምዃኑ ነንብብ። ኢየሱስ ብሕሱር ተሸቑጡ፥ ንሕና ናብ ኣምላኽ ክመልስ ዝተሓተን ዝሓሰረን ሕይወት መሪጹ። ነዚ ከረድኣና ዮሓንስ ወንጌላዊ ኣምላኽ ሰብ ኮነ ይብለና። እቲ ዝዓበየ ውርደት ኣምላኽ ኣብ መስቀል ምሟት ዘይኮነ ሰብ ምዃን እዩ።

ፋሲካ ኣይሁድ ከብዕሉ ኣብ ዝሰናደዉሉ ዝነበሩ እዋን ኢየሱስ ፍሉይ ትእምርቲ ሂብዎም። ኣብ ስርዓት ኣይሁድ ክልተ በዓላት ጥቓጥቓ የብዕሉ ነሮም ምስቲ ኢየሱስ ዝገበሮን ዝኾናን ዝመሳሰል። ብዓል ቅጫ ወይ ዘይበኾዐ እንጌራን፥ ፋሲካ ኣይሁድን። ፋሲካ ካብ ባርነት ግብጺ ነጻ ዝወጽኡሉ ብመገዲ ቀይሕ ባሕሪ ዝሰገርዎን ናብ ምድረ ተስፋ ንኽእትዉ ዝተጓዕዝዎ ጉዕዞ ዘኪሮም ዘብዕልዎ እዩ። እቲ ብዓል ምሸት ፀሓይ ምስ ዓረበት በቲ ቅድሚ ፍርቂ መዓልቲ ዝተሓርደት በግዕ ኣብ መበል 14 መዓልቲ ናይ ኒሳን ይጅምር። ምስኡ ዘይበኾዐ ቅጫ ይብላዕ፥ እዚ እዩ ኢየሱስ "እዚ ሥጋይ እዩ" ኢሉ ዝተጠቕመሉ። ነዚ ቅጫ ንሓደ ሶምን ብምቕጻል የብዕልዎ እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ጉዕዞ ዘሕለፍዎ ስቓይ ንምዝካር ኢሎም እዮም። ንዝሓለፈ ዘመስግኑሉ ንዝመጽእ ብተስፋ ዝጽበዩሉ እዩ።

ድሕሪ እዚ ኩሉ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ዓቢ ምስጢር ክሓድገሎም ደልዩ። ዮሓንስ 13 ነቲ ዝተፈጸመ ሥርዓት ይነግረና።

## ሕጽበት እግሪ።

ወንጌል ሥርዓት ሕጽበት እግሪ ተንቲኑ ይነግርና ምኽንያቱ ፍሉይ ነገር ስለ ዝኾነ። ኣብዚ ተመሃሮ ዘይኮኑስ መምህር ኣእጋር ኣርድእቱ ይሓጽብ። ጴጥሮስ እቲ ሓዲስ ሥርዓት ስለ ዘይተረድኦ ኣይከውንን እናበለ ተቋዊሙ ምኽንያቱ ናይ ድሕነት ምስጢር ዝፍጸመሉ ሥርዓት ምዃኑ ስለ ዘይተረድአ። እንትኾነ ብዘይ እዚ ሥርዓት ጴጥሮስ ሓንቲ ክፍሊ ኣብ ሕይወት ኢየሱስ ከም ዘይብሉ ተነጊርዎ። እዚ ሥርዓት ንሓዋርያ ምስ መምህሮም የወሃህዶም ከምቲ ኢየሱስ ምስ ሰማያዊ ኣብኡ ዘለዎ ውህደት። እዚ ብዛዕባ ማይን ሕጽበት ኣእጋርን ኣይኮነንን እንታይ ድኣ ብዛዕባ ቅዱስ ርክብ ኢየሱስን ሓዋርያቱን ኣብቲ ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ርክብ ዝምስረት እዩ።

ከምዚ ኣነ ዝገበርክዎ ንስኹም ከኣ ከምኡ ገበሩ፡ ሓዋርያት ናይ እቲ ዝበሎም ትርጉም ኣይተረድኡን። ንሱ ነቲ ንሱ ዝገበሮ ኣብ ነነድሕዶም ክገብርዎ ይእዝዞም። ንሱ ኣብነት ኮይንዎም። እዚ ምሕጻብ እግሪ ናይ ኣገልግሎት፥ ፍቕሪ፥ምሕዝነት፥ትሕትና ምልክት እዩ። መሰረትን ምመርሕን ንኹልና ተኸተልቲ ክርስቶስ እዩ። ንሱ ንሰማይ ዓሪጉ እዩ ተኸተልቱ እዮም እምብኣር ንደቂ ሰባት ምስ ኢየሱስን ምስ ሰማያዊ ኣቦን ዘራኽቡ። እዚ ሓድሕዳዊ ኣገልግሎት እንተሎ ኣምላኽ ኣብ መንጎና እሎ። ከምዚ ኣነ ዝገብሮ ግበሩ ኢልዎም፥ ንኹሉ ተኸታሊ ክርስቶስ ዝብሃል እዩ፥ ንሕና ሎሚ ነዚ ሓዲስና ክነተግብሮ ስንድዋት ክንህሉ ይግብኣና።

ሰዓቱ ስለ ዝአኸለት ክሳብ መጨረሽታ አፍቀሮም። አብዚ አብቲ መጨረሽታ ምዕራፍ ሕይወት ኢየሱስ ንአቱ። አእጋሮም ክሓጽቦም እንከሎ ንሱ መን ምዃኑን ተልእኮኡ እንታይ ምዃኑ ክገልጸሎም ምእንቲ ዝገበሮ እዩ። አብዚ ተራ ናይ አገልጋልን ጎይታን ይጻወት። እቲ ተግባር ናይ ኢየሱስ ናይ መጨረሽታ ፍቕሪ አብ ሓዋርያቱ ዝነበሮ ይገልጽ። እቲ ዝለዓለ ህያብ ፍቕሪ አብ መስቀል ምስ ሞተ ከርእይዎ እዮም።

ንሱ አእጋሮም ምስ ሓጸቦም ከምኡ ክገብሩ አዚዝዎም። ሎሚ ንሕና ነዚ ክንእዘዝ አብዚ ተአኪብና አሎና። ሕይወትና ምስ መስዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ክነወሃሃድ፥ ንኢየሱስ አብ ቅዱስ ቍርባን ክንቅበሎ፥ አብ አምልኾኡ ጊዜ ክንሕልፍ፥ አብቲ ናይ ቅዱስ ቍርባን ህያቡ ብዝያዳ ክነስተንትን ንማለት እዩ። አእጋር ክንሓጽብ ከሎና ከምቲ ኢየሱስ ብመዓልቲ ኃሙስ ቅድሚ ሞቱ ዝገበሮ ዘኪርና አብ ነነድሕድና ንፍጽሞ። ዮሓስን ነቶም ናቱ ክሳብ መወዳእታ አፍቀሮም ይብለና። ዕሞቕ ፍቕሩን ክገብርዎን ክኽተልዎን ዝደልዮ መገዲ ብግብሪ አርእይዎም። ፍቕሩ ከርእዮም ምእንቲ ሕይወቱ አብ ታቦት መስቀል ሰዊው፥ ከምቲ አብ ብሉይ ኪዳን በግዕ ፋሲካ ብደሙ ህዝበ እግዚአብሔር ዝድኃኑ ከምኡ ብደም ኢየሱስ ድኂና። መስዋዕቲ ኢየሱስ መሰረቱ ፍቕሪ ወዲ አዳም እዩ። ሎሚ ንሕና እውን አሰር መድኃኒና አብ መንጎና ፍቕሪ ክንገብር እሞ ሰላም ፍቕሪ አብ ዓለምና ክነነግስ ንሕተት አሎና። ኢየሱስ ዮሓንስ ወንጌላዊ ከም ዝምህረና ፍቕሪ አምላኽ ብርእሱ እዩ። ንሕና ንፍቕሪ አምላኽ ክንርድኦ ወይ ክንበጽሖ አይንኽእልን ኢና። በቲ ዘሎና ንሰናይ እንተ ተበገስና አብ ፍቕሪ ንጉዓዝ አሎና። ፍቕሪ ምስ አምላኽ ምዃን ማለት እዩ።

ከምቲ አነ ዝገበርክዎ ክትገብሩ እእዝዘኩም አሎኹ። ቅዱስ ጳውሎስ ድሕሪ ሕጽበት እግሪ ኢየሱስ ዝበሎ ይዝክር፥ “እዚ ሥጋይ እዩ. . . እዚ ጽዋእ ሓዲስ ኪዳን ናይ ደመይ እዩ. . . ንዝኽረይ ግበርዎ”። ናይ ኢየሱስ እቲ አገልጋሊና ትሕትና ከነስተንትን እንተ ደለና ናይ ፋሲካኡ ዝኽሪ ክነብዕል ቅሩባት ክንከውን አሎና። ሎሚ ንመስዋዕቱ አሜን ሕራይ ክንብል ኩሉ ነገር ብሩህ እዩ ዘሎ። ሥጋኡ ክንበልዕ ደሙ ክንሰቲ ድልዋት ኢና። ንኢየሱስ አብ ነነድሕድና፥ አብ ሰውነቱ ዝኾነት ቤተክርስትያን እንተዘይ አለለናዮ ነቲ አብ ዝተባረኸ ህብስቲ ወይንን ዘሎ እውን ክነለልዮ አይንኽእልን ኢና። እዚ እዩ ኢየሱስ አእጋር አርድእቱ ምስ ሓጸበ ክንገብሮ ዝአዘዘና።

## ቅዱስ ቍርባን

ማርቆስ ወንጌላዊ አብ 14፡22~26 ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ ሓዲስ ስርዓት ከም ዝሀቦም ይነግረና። ህብስቲ አልዒሉ እዚ ሥጋይ እዩ ኢሉ ሃቦም ጽዋዕ አልዒሉ ድማ አመስጊኑ ሃቦም ኩሎም ካብኡ ሰተዩ ንሱ ኸአ እዚ ምእንቲ ብዙኃት ዚፈስስ ናይ ሓዲስ ኪዳን ደመይ እዩ. . . ንዝኽረይ ከአ ግበርዎ በሎም።

ትስብእቲ ኢየሱስ ንደቂ ሰብ ምስ አምላኽ ምዕራቕን ብቐጻሊ ነዚ ኢየሱስ ዘምጽኦ ሓዲስ ርክብ ምስ አምላኽ ብቅዱስ ቍርባን ምቕጻልን እዩ። አብቲ ጽንኩር እዋን አብ አፍደገ ሞት እንከሎ ከም ዘይሓደጎም ክገልጽሎም ኢሉ ንወሩ አብ መንግኦም ሕያው ዝገብሮ መንገዲ ሠሪዕሎም። ነዚ ዝበልዐ ነዚ ዝሰተ አነ አብኡ እነብር ንሱ አባይ ይነብር እናበለ ሓዲስ አገባብ አብ መንግኦም ምህላዉ ገሊጽሎም። ሓዋርያት ሽዑ ኩሉ ተሓዋዊስዎም እንተኾነ ድሕሪ ትንሣኤ እዚ ሓቂ አብ ሕወት ቤተክርስትያን ክርእይዎ ክኢሎም። ኢየሱስ ዝለዓለ ህያብ አብ መንጎና ንወትሩ ዝነብረሉ ሂቡና። አብኡ ምስኡ ክነብር። ሎሚ መዓልቲ ሓሙስ ክንዝክር ከሎና መድኃኒና አብ መንጎና ብሥጋኡን ደሙን ምስኡ ክንነብር ኩሉ ጊዜ ከም ዝደልየና አብ ሥጋኡን ደሙን ክነብር ከሎና ሕይወት ከም ዘሎና ነጊሩና። ምስ ኢየሱስ ክነብር ከሎና ኩሉ ምሳና አሎ ሓጎስ፥ ጸጋ፥ ዕግበት፥ ምሕረት፥ ሰላም አሎ።

ኣብ መእዲ ቅዱስ ቍርባን ክንካፈል ከሎና ጥራሕ እዩ ምስኡ ኣሎና ክንብ እንኽእል። ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ ምዕ. 11 ነዚ ኣመልኪቱ ብዝርዝር ይነግረና። ሥጋ ክርስቶስ ቅድሚ ምቕባልና ተሰናዲና ከምቲ ዝድለ ኮና ክንቅበሎ ይግባእ።

ኣብ ናይ ሎሚ ብዓልና ፍሉይ መልእኽቲ ንነፍስወከፍና ኣሎና።

- ኣብ መንፈስ ኢየሱስ ክንርከብ። ሕይወትና ናቱ ምስኡ ውህደት ክህልወና። ምስ ክርስቶስ ምዃን ማለት መንፈስካ ሓሳብካ ኩሉ ሕይወትካ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ኮንካ ክትርከብ ፍቓደኛ ምዃን። ነዚ ክንገብር ንስሓ ሓጢኣትና ክንገብር ይግባእ። ትሕትና ኣብ መእዲ ንስሓ ስለ ዘቕርብ ንእቡይ መንፈስና ስዒርና ኣብ መንበረ ኑዛዜ ብድፍረት ንቕረብ ሽዑ ኣብ ደምበ ክርስቶስ ክንሕወስ ኢና።

- ንሓውናን ሓፍትናን ብዓይኒ ክርስቶስ ንርአዮም። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ኣብ መንግእም ክህሉ ዘልኦ ክገልጽ ኣእጋሮም ሓጺቡ፥ ንሕና እውን ኣእጋር ኣሕዋትና ብፍቕርን ትሕትናን ክንሓጽብ ትሑዛት ኢና። ትሕትና መለለይና ገርና ፍቕርን ሕውነትን ኣብ ኩሉ ንዝራእ ሽዑ ኢየሱስ ኣብ መንጎና ክህሉ እዩ።

- ቅዱስ ቍርባን ሓዳሲ ሕይወትና እዩ። ኢየሱስ ብመልክዕ ህብስትን ወይንን ኣባን ይሓድር ምሳና ሓደ ይኸውን ንሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ከምንጉዓዝ ይገብረና። ከምቲ ጳውሎስ ዝብሎ ታቦት ኣምላኽ ንኸውን፥ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ንኸውን። ግን ይሁዳ እውን ቅዱስ ቍርባን ተቐቢሉ እዩ፥ ንሕና ክንልወጥ ምስኡ ክንወሃሃድ ፍቓደኛታት ክንከውን ኣሎና። ቅ. ቍርባን ስንቅና ገርና ኣሰር ኢየሱስ ንጉዓዝ።

- ኢየሱስ ሎሚ እውን ብእና ክዓዪ ይደሊ። መሳርሕቲ ክርስቶስ ክንከውን ስንድዋት ክንከውን ይግባእ። ከም ጳውሎስ ኣምባሳደራት ክርስቶስ ክንከውን። ንሱ ብእና ገሩ ትምህርቱ መልእኽቱ ከመሓላልፍ ይደሊ ኣሎ። መትዓይይቲ ኣምላኽ ክንከውን ሎሚ እውን ይጽውዓና ኣሎ። እዚ ንዝኽረይ ገበርዎ ክብለና እንከሎ ብስም ኢየሱስ ኣብ እንእከበሉ ሓድነት ፍቕሪ ኣመንጉና ንኻልኦት ኣብ መእዲ ክንዕድም ንበገስ።

- ሕይወትና ኣካይይዳና ኩሉ ክነሓድሶ ንጽዓር። ንእምላኽ ዘሕጉስ መንገዲ ሒዝና ክንጉዓዝ ከሎና ሽዑ ምስ ኣምላኽ ኣሎና ክንብል ንኽእል። ብዓል ቅዱስ ቍርባን መዓልቲ ተበግሶ ንሓዲስ ጉዕዞ ምስ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ጉዕዞ ድኻመት ክህሉ ይክእል እዩ ግን ንኢየኡስ ሒዝና እንተ ተጎዓዝና ኩሉ ክሰልጠና እዩ።

- ነዚ ንዝኽረይ ግበርዎ ኢሉና ክርስቶስ። መስዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ንኹሉ ኣብ ጽቡቕ ክንቅይር ዝዕድመና እዩ። ኢየሱስ ንሓዘን ናብ ምጽንናዕ፥ ንሞት ኣብ ትንሣኤ፥ ንጭንቀት ናብ ቅሳነት ዝለወጠ እዩ። ሎሚ እውን ነዚ ኣብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ወሪሱ ዘሎ ድኻመት መንፈስን ህዉኽ ሕይወትን ክነሓድሶ እንተኾና ኣብ ኢየሱስ ንመለስ ነቲ ንኹሉ ጊዜ ክንዝክሮ ዝሃበና ሕያው ዝኽሪ ኣብ መንጎና ንገበሮ።

ብዓልና ናይ ኩሉ እምነትና ማእከል እዩ። በዚ ዕለት ማእከል ናይ ኹሉ እምነትናን ሥርዓትናን ዝኾነ ኢየሱስ ብመልክዕ ህብስትን ወይንን ዝቐረበና መዓልቲ እያ። ሎሚ ንሕና እውን ብዝተሓደሰ መንገዲ ክንቀርቦ ምስኡ ክንወሃሃድ ብዝሓየሊ መንገዲ ንመርሽ። ኣገልግሎት ኣምላኽን ኣሕዋትን ቀንድን ግድነትን ክፍሊ ሕይወትና ገርና ክንጉዓዝ ባዕሉ መምህርና ኣርእዩና። ከምዚ ኣብ ነነድሕድኩም ግበሩ እናበለ ካብ መእዱ ተኻፊልና ኣብ ሰናይ ኣሕዋትና ክንወፍር ተማሕጺኑና።

ኢየሱስ ባሕርይ ትስብእቱ ካብ አዲኡ ወሲድዎ አብ መአዲ ቅዱስ ቍርባን እንቕበሎ ሥጋን ደምን ወላእኳ ዝተሓደስን ግርማ መለኮት ዝለበሰን ይኹን እምበር ካብአ ዝወሰዶ እዩ። ኵላትና ደቃ አሕዋት ክርስቶስ ኢና ሎሚ እውን መሰረት ሓድነትኩም ገርኩም አብ መአዲ ወደይ ብዝነጽሐ ሕልናን ሕይወትን ቅረቡ፥ አብ ሕማማቱ ተሳተፉ አብ ትንሣኤኡ ክትሳተፉ ትብለና አላ እሞ፥ ኦ ማርያም አብዚ ሶምን ነቲ ዝተቐበልክዮ ስቓያት አብ ምድሓን ነፍሲ ወከፍና እናዘከርና ንሕና ባዕልና ብዝፈጠርናዮ መኸላእታን ኃጢአትን ከይተዓንቀፍኪ አብ የማን ወድኺ ምለስና። አደና ኳንኪ አብ ብርሃን ትንሣኤ ወድኺ ብሰላም አብጽሕና። ካብቲ ሓዳሲ ሕይወትና ዝኾነ ሥጋን ደምን ወድኺ ተሰሲና ብነፍስን ብሥጋን አብ አገልግሎት ወድኽን አገልግሎትክን አገልግሎት አሕዋትን ከም እንወፍር ግበርና ንበላ።

ቅድስና ዘልብስ ሰሙን ሕማማት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ